SMITTSKYDDSBLAD

Patientinformation

ESBL

Översättning till tigrinja

Version 2023-04-18

# ESBL ዝፈጥሩ ባክተርያ - ሓበሬታ ንትሓከምቲ

## ስለምንታይ እዩ እዚ ሓበሬታ ተዋሂቡኒ ዘሎ?

መርመራታት ከም ዘመልክትዎ፡ ጸረ-ነፍሳት(ኣንቲባዮቲክ) ዝጻወር  ባክተርያ ከም ዘሎካ እዩ። ኣብዚ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ'ዚ፡ እዚ ነገር እንታይ ምኳኑን - ንኻልኦት ሰባት ንኸይተልግበሎም ድማ እንታይ ክትሓስበሉ ከም ዘሎካን ብዝበለጸ ክተንብብ ትኽእል ኢኻ።

## እዞም ESBL ዝፈጥሩ ባክተርያ እንታይ እዮም?

እዚ ESBL ዚብል ኣህጽሮ ቃላት “Extended Spectrum Betalactamas” ማለት ኮይኑ፡  ኣብ ገለ ዓይነት ባክተርያታት ዚርከብ ንጥረ-ነገር - ንጸረ-ነፍሳት (antibiotika) ተጻዋርነት ከም ዚህልዎም ዚገብር እዩ።

እዞም “ESBL” ዝፈጥሩ ባክተርያ፡ ኣብ መዓንጣ ሰብ፡ ከም ኣካል ናይቶም ብዙሓት ዝዓይነቶም ባክተርያ-መዓንጣ ኮይኖም - ሕማም ከየስዓቡ ኣብኡ ኪህልዉ ዚኽእሉ እዮም። እዚ ድማ “ተሰካሚ” ናይዞም ባክተርያ ምኳን ይበሃል። ልክዕ ከም ኰሎም ንቡር ባክተርያታት፡ እዞም “ESBL” ዝፈጥሩ ባክተርያታት፥ ገለ እዋናት ረኽሲ ከስዕቡልካ ይኽእሉ'ዮም - ንኣብነት ረኽሲ ሻምብቆ ሽንቲ።

እዞም ”ESBL” ዝፈጥሩ ባክተርያ፡ ካብቶም ተራ ባክተርያ ዝበዝሐ ወይ ዝኸበደ ረኽሲ ኣየስዕቡን እዮም። ይኹን እምበር ነቲ ንሳቶም ዘስዕብዎ ረኽሲ፥ ፍሉያት ዝዓይነቶም ጸረ-ነፍሳት (antibiotika) ክትጥቀም የድልየካ እዩ።

## እዞም “ESBL” ዝፈጥሩ ባክተርያ - ብኸመይ ይለኽፉ?

እዞም “ESBL” ዝፈጥሩ ባክተርያ ኣብ መንጎ ደቂ-ሰባት - በዞም ባክተርያ-መዓንጣ ብዝተበከሉ ኣእዳው ኣቢሎም ክመሓላለፉ ይኽእሉ እዮም፣ ንኣብነት ናብ ሽቓቕ ድሕሪ ምኻድ። ብመግብን ማይን እውን ክትልከፍ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ መዓንጣ “ESBL” ዝፈጥሩ ባክተርያ ተሰካሚ ዝኾነ ሰብ ሳሕቲ እዩ ሰባት ክልብድ ዝኽእል። ኣብ ገለ ኩነታት ግን፡ መጠን ናይቶም ባክተርያ ስለ ዚውስኽ፡ እቲ ለብዒ ንኽዝርጋሕ ዘለዎ ተኽእሎ ድማ ምስኡ ይዓቢ። እዚ ድማ፡ ”ጠንቅታት ተኽእሎ ለብዒ” ተባሂሉ ይጽዋዕ።

እዞም ዚስዕቡ ጠንቅታት ተኽእሎ ለብዒ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፤

- ውጽኣት
- ካቴተር ወይ ስቶማታት
- ክፉት ቁስሊ እዮም።

## ካብ “ESBL” ዝፈጥሩ ባክተርያ ክትገላገል ይከኣል'ዶ?

እዞም ”ESBL” ዝፈጥሩ ባክተርያ ኣብ መዓናጡኻ ካብ ኣዋርሕ ክሳብ ዓመት ክጸንሑ ይኽእሉ እዮም። እዞም ባክተርያ ኣብ መዓናጡኻ ክሳብ ክንደይ እዋን ከም ዝጸንሑ ክፍለጥ ኣይከኣልን እዩ። መብዛሕትኡ ሰብ ግን ምስ ግዜ ይጠፍኡሉ እዮም። ብዙሕ ምርመራ ቀልቀል ምውሳድ ኣየድልን እዩ።

## ንኻልኦት ሰባት ንኸይለክፍ ክሓስበሎም ዘለኒ ነገራት ኣለዉ’ዶ?

ቀንዲ ክትገብሮ ትኽእል ነገር እንተሎ ምሉእ ጽሬት ኢድ ምሕላዉ እዩ። ንዝርግሓ ረኽሲ ሓደጋ ረቛሒታት እንተዘይብልካ፥ እቲ ንሰብ ክተልግበሎም ዘሎ ናይ ምልካፍ ሓደጋ ውሑድ ስለዝኾነ፥ ከምቲ ልሙድ ምስ ካልኦት ሰባት ግዜ ከተሕልፍ ትኽእል ኢኻ። ከምኡ’ውን ከምቲ ልሙድ ጾታዊ ርክብ ክትፍጽም ትኽእል ኢኻ። ስራሕካ’ውን ከም ልሙድ ክትቅጽል ትኽእል ኢኻ። መዋእለ-ሕጻናትን ቤት ትምህርትን ዝኸዱ ቈልዑ ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ክሳተፉ ይኽእሉ እዮም።

### ፍሉይ ናይ ጽሬት ልምድታት - ንዓኻ ናይ ሓደጋ ረቛሒታት ዘሎዉኻ

ጠንቅታት ተኽእሎ ለብዒ ምስ ዝህልወካ፥ ለብዒ ክዝርጋሕ ዘለዎ ዓቕሚ ድማ ምስኡ ክብ ይብል። ስለዚ ነዞም ዚስዕቡ ክትሓስበሎም ኣሎካ፤

- ኣእዳውካ ብደንቢ ተሓጸብ። ናይ ርእስኻ መሓበሻን ናይ ሽቓቕ ነገራትን ድማ ተጠቐም።
- ምስ ካልኦት ሰባት ኣብ እንዳ-ሓምባሳይ ሓቢርካ ኣይትሓምብስ።
- ቁስሊታትካ ብፋሻ ከም ዚሸፈኑ ግበር፥ እቲ ፋሻ ጠልቅዩ ወይ እንተ ነዚዑ ድማ ፋሻ ቐይር።
- ካቴተር ትጥቀም እንተ ኼንካ፥ ኣብ ትሕቲ ክዳንካ ክትገብሮ ይግባእ።
- ንቁስልኻ፡ ንፋሻ መሸፈኒኻ ወይ ንካቴተርካ ምስ ትትንክፍ፥ ብኡንብኡ ኣእዳውካ ተሓጸብ።

### ንኻልኦት ተሰካሚ ናይዚ ባክተርያ ምኺነይ ምሕባር የድልየኒ ድዩ?

ኣብ ከባቢኻ ንዘሎ ሰብ ተሰካሚ ”ESBL” ዝፈጥሩ ባክተርያ ምኳንካ ምሕባር ኣየድልየካን እዩ።

ብጸረ-ነፍሳት (antibiotika) ክትሕከም እንተድኣ ኣድልዩካ፡ ቅኑዕ ዓይነት ጸረ-ነፍሳት ክትረክብ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር’ዩ። ቅድሚ ሕክምና ምግባርካ ግን፡ ናይ ባክተርያ-መፍረ (bakterieodling) ክትገብር የድልየካ እዩ። ስለዚ ንረብሓኻ ክትብል፡ ንሓኪምካ ተሰካሚ ”ESBL” ዝፈጥሩ ባክተርያ ምኳንካ ክትሕብሮ ንለበወካ።

## ብዛዕባ እዚ ጽሑፍ ምክልኻል ለብዒ

እዚ ጽሑፍ ምክልኻል ለብዒ፡ ብማሕበር ዶክቶራት ምክልኻል ለብዒ ዝተዳለዎን ብሃገር ደረጃ ዘገልግልን ጽሑፍ’ዩ።